# <u>ትንታነ ዜና ቀርኒ ኣፍሪቃ</u>

ኣብ'ዚ ሰሙን እዚ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ጉዳይ ዶብ ኣመልኪተን ናይ ምስሕሓብ ባህርያት ክርእያ ቀንየን ኣለዋ።እዘን ክልቲኤን ሃገራት ድሕር'ቲ ምፍሻል ኣብ ሄግ ነዘርላንድስ ብሽምግልና ኮምሽን ዶብ ዝተፈተነ ናይ ስምምዕ ፈተነ፡ብዝተፈላያ ማዕከናት ዜና ኣቢለን ክፈኻኸራን ክወናጀላን ጀሚረን ኣለዋ።ኤርትራ ፡ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኢትዮጵያ ንውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ክትቅበሎ ከገድዳ ትጽውዕ፡ ኢትዮጵያ ድማ ኤርትራ ኣብ ናይ ጸጥታ ዞባ ተርእዮ ዘላ ናይ ወተሃደራት ምንቅስቓስን ኣብ ሶማልያ ትገብሮ ዘላ ምስ ግብረ ሽበራ ዝተተሓሓዘ ምትእትታውን እንተዘይኣቋሪጻቶ ንውዕል ኣልጀርስ ውዱቕ ኽምትገብሮ ተጠንቅቕ፡ምኽንያቱ ትብል ኢትዮጵያ እዚ ኤርትራ ኣብ ናይ ጸጥታ ዞባን ኣብ ሶማልያን ትገብሮ ዘላ ጎነጽ ንነጥብታት ውዕል ኣልጀርስ ዘፍርስ'ዩ ትብል።ኤርትራ ነዚ ኣመልኪታ፡ነዚ ብኢትዮጵያ ዝወጸ መርገጺ መሰረት ዘይብሉን ዘይክውንነታውን ብምባል ትነጽጎ።

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝሕተም መርበብ ሓበሬታ መይል ጋርዲያን ኤርትራ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሰደደቶ ደብዳበ ኢትዮጵያ ንምሕንጻጽ ዶብ ብቕልጡፍ ክትሰማማዕ ኣለዎ ትብል። እዚ ኤርትራ ዝገበረቶ መጸዋዕታ፡ ኢትዮጵያ ውግእ ንምጅማር ትቀራረብ ኣላ ብዝብል ፍርሒ'ዩ ይብል እቲ ሓበሬታ። ኢትዮጵያ ንውዕል ኣልጀርስ ንምጥሓስ ዘይሕጋዊ ፈተነታት ብምግባር ከም ብሓድሽ ኩናት ንምጅማር ዘርኢ ጠባይ'ዩ ክትብል ኤርትራ ኣብቲ ዝሰደደቶ ደብዳበ ኽምዝገለጸት ብተወሳኺ እቲ ዜና ይሕብር።
ብዘይካ'ዚ ኤርትራ ንባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሰደደቶ ምሕጽንታ፡እቲ ውድብ ሕጋዊ፡ሞራላዊን ጸጥታዊ ሓላፍነት ስለዘለዎ ንውሳኔ ኮሚሽን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክትግበር ክጸቕጠሉ ጸዊዓ'ላ ኽብል እቲ መርበብ ይሕብር።

ነዚ ምስሕሓብ ብዝምልከት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክርሰትያን ቱደይ ኣብ ዝወጸ ሓበሬታ፡

ምንም እኳ ኢትዮጵያ ካብቲ ውዕል ኣልጀርስ እግራ ክትስሕብ እንተወሰነት ነቲ ብኮሚሽን ዶብ ዝተወሰነ ውሳነ ‘ንዶብ ክልቲኤን ሃገራት ኣብ ካርታ ናይ ምስፋር ውሳኔ’ ኣይትቕይሮን እያ ክትብል ናይ ኤርትራ ናይ ሕጊ ኣማኻሪት ሊ ብሪልመየር ሓቢራ’ላ ይብል።

ክርስቲያን ቱደይ ብተወሳኺ፡ እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝርአ ዘሎ ምፍኽኻር ካብ ናይ ቃላት ዘለፋ ሓሊፉ ናብ ሓደ ዓቢ ረጽሚ ኸኣትዋ ኣይክእላን’የን ክብል ይትንትን።

ብሰንክ’ዚ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝጸንሐ ሖናትን፡ምፍጣጥን ኤርትራ ኣብ ናይ ቁጠባ ቕልውላው ትርከብ ክብል ቻትሃም ሃውስ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ይሕብር።

ምክንያት ናይ’ዚ ይብል እቲ ዜና፡ እታ ሃገር ካብ ዞባውን ዓለምለኻውን ዝምድናታት ምፍላያን፡ ልዕሊ 350 000 ዝኾኑ መንእሰያት ናይ’ታ ሃገር ኣብ ውትህድርና ተዓስኪሮም ብምህላዎምን ኣብታ ናይታ ሃገር ናይ ቁጠባ ምዕባለ ኸየበርክቱ ስለዝዓንቀጾም’ዩ ይብል እቲ ሓበሬታ።

ብፍላይ ኤርትራ ምስ ጎረቤታ ሃገር ኢትዮጵያ ዝነበራ ናይ ንግዲ ልውውጥ ብሰንኪ ሖናት ጠጠው ብምባሉ ሃስዩዋ ኣሎ ይብል እቲ መርበብ።